| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
|---|---|---|
| **6 መጋቢት** | ***ሆሴ* 5፡ 9-12**<br>***መዝ* 34፡ 2-7**<br>**2ቆሮ 5፡ 17-21**<br>***ሉቃ* 15፡1-3, 11-32** | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• ትንቢት ሆሴእ 5 “መዓልቲ ቕጽዓት ይመጽእ ኣሎ፣ እስራኤል ድማ ኽትባድም እያ። እዚ ብርግጽ ከም ዝኸውን ነገድ እስራኤል ይፍለጡ። እግዚኣብሔር ከምዚ ይብል ኣሎ፦ “ሓላቑ ይሁዳ ኸምቶም ንእስራኤል ዚወሩ እዮም እሞ መቕጻዕተይ ኣብ ልዕሊኦም ከም ማይ ኪኽዑ እየ። እስራኤል ናብቶም ገለ ኺሕግዙ ዘይኽእሉ ስለ ዝተጸግዐት፣ ትግፋዕ ኣላ፣ እቲ ብሕጊ ናታ ዝነበረ መሬት ከኣ ትጎደግ ኣላ። ስለዚ ኣነ ንእስራኤል ከም ነቐዝ፣ ንቤት ይሁዳ ኸኣ ኸም ቍንቁነ ኾይነ ኽተፍኣን እየ።” ይብል።<br>• መዝሙር 34 ከኣ “ንእግዚኣብሔር በቲ ዝገበሮ ከመስግኖ እየ፣ ጥቑዓት ነዚ ሰሚያም ኪሕጐሱ እዮም። . . . እዚ መስኪን እዚ ኣእወየ፡ እግዚኣብሔር ሰምዖ፣ ካብ ኩሉ ጸበባኡ ኣድኃኖ። መልኣኽ እግዚኣብሔር፡ ኣብ ዙርያ እቶም ዚፈርህዎ ይሰፍር፣ ካብ ድንገት ከኣ የናግፎም።” ይብለና።<br>• 2ይ መልእኽቲ ናብ ሰብ ቀሮንጦስ 5 ከኣ “ስለዚ ሓደኳ ብክርስቶስ እንተኣልዩ፣ ንሱ ሓዲሽ ፍጥረት እዩ፣ እቲ ብሉይ ኃሊፉ፡ እንሆ ኹሉ ሓዲሽ ኾይኑ እዩ። እዚ ኹሉውን ካብቲ ባዕሉ ብክርስቶስ ገይሩ ዝተዓርቀና ፡ ንካልኦትውን ምስኡ ከነተዓርቕ መዚ ዚሃበና፣ ኣምላኽ እዩ። . . . ስለዚ ንሕና ናይ ክርስቶስ ኣምባሰደራት ኢና፣ ኣምላኽ ከኣ ብኣና ገይሩ ይዕድም ኣሎ። ኣብ ክንዲ ክርስቶስ ኴይና ድማ ‘ምስ ኣምላኽ ተዓረቑ’ እናበልና ንልምነኩም ኣሎና።” ይብል።<br>• ወንጌል ሉቃስ 15 ከኣ “እንሆ ኹሎም ተቐበልቲ ቐረጽን ኃጥኣንን ኪሰምዕዎ ናብኡ ቐረቡ። ፈሪሳውያንን መማህራን ሕግን ድማ ‘እዚ ንኃጥኣን ይቕበል፡ ምስኣቶውን ይበልዕ’ ኣናበሉ ኣበርቲዖም ኣጕረምረሙ። ሽዑ ከምዚ ኢሉ ነዚ ምስላ እዚ መሰለሎም፦ . . . “ንሓደ ሰብኣይ ክልተ ደቂ ነበርዎ። እቲ ንእሽቶ ኸኣ ነቦኡ ‘ኣቦ! ካብዚ ጥሪት እቲ ዝብጽሓኒ ግደ ሃበኒ’ በሎ፣ ንሱ ኸኣ ነቲ ገንዘቡ መቐሎም። ድኅሪ ሒደት መዓልቲ እቲ ንእሽቶ ወዲ፣ ዘለዎ ኹሉ ኣኪቡ፡ ናብ ርሑቕ ዓዲ ከደ። ኣብኡ ድማ ነቲ ጥሪቱ ብዝርገት እናነበረ በተኖ። ዘለዎ ዘበለ ምስ ወድኦ፡ ኣብታ ሃገር ብርቱዕ ጥሜት ኮነ፣ ንሱ ከኣ ክስእን ጀመረ።” ይብለና። ቀጺሉ እቲ ወዲ ብምኽንያት እቲ ሸግር ንቤት ኣቦኡ ናፈቐ። ሓደ ካብቶም ኣገልገልቲ ኣቦኡ ኮይኑ እንጌራ ክጸግብ ኢሉ ከኣ ተመልሰ። ኣቦኡ ድማ ገና ርሑቕ ከሎ ረኣዮ እሞ ደንገጸሉ፣ ጐይዩ ኸኣ ብኽሳዱ ሓኒቑ ሰዓሞ። ነቲ ኣጥፊእዎ ዝነበረ ምሰል ውሉድነትን ክብርን ከኣ መለሰሉ።<br><br>ወንጌል ክንግምቶ ዘይንኽእል ዘፍቅረና ኣቦ ከም ዘሎና ይነግረና ኣሎ። ምስኡ ምንባር ሓዲግና እኳ እንተ ኸድና፡ ንሱስ ገና የፍቅረና እዩ። ክንምለሶ ቍሊሕ ይብለና። ሎሚ ከኣ መልእኽቱ ይልእከልና ኣሎ፣ “ምስ ኣምላኽ ተዓረቑ’ እናበለ ይጽውዓና ኣሎ። ንሱ ናይ ምሕረቱ ግዜ ከይዓጸወልና ከሎን፣ ፍርዱን መቕጻዕቱን ኣብ ልዕሌና ከም ማይ ከይኸዓዎ ከሎ፡ ናብኡ ንመለስ ምስ ኣቦና ንተዓረቕ። ንሕና ናብቶም ገለ ሓጐስ ኪህቡና ዘይኽእሉ ነገራት ናብ ብልዕን መስተን ናብ ዕብዳንን ዝርገትን ምሕሻሽን ኣይንጸጋዕ። ናይ ብሓቂ ከም ክርስቲያን ብእምነት ንክርስቶስ ተቐቢልናዮ እንተ ኾይና፣ ንሕና ሓደሽቲ ፍጥረት ኢና፣ ኣባና እቲ ብሉይ ኃሊፉ፡ እንሆ ኹሉ ሓዲሽ ኾይኑ እዩ። ንሕና ብሓዲሽ ኣዒይንቲ ንኩሉ ንጥምቶ፣ ደቂ ኣምላኽ ምኳና ንፈልጥ፣ ኩሉ ሰብ ሓውናን/ሓፍትናን ምኳኑ ንርዳእ። ሰብ ብኣርኣያ ሥላሴ ዝተፈጥረን ክቡር ምኳኑን ስለ ነስተውዕሎ ነኽብሮ። ስለምንታይ ብዛዕባ እቲ ዘፍቅረና ሰማያዊ ኣቦና ዘይንዝክር? ስለምንታይከ ነቲ ኣብ ኩሉ ዘመናት ሕዝቡ ንምድኃን ዝገበሮ መስተንክር ግብሪ ኣእዳዉ ክንፈልጦ ሃረር ዘይንብል? ስለምንታይ ሎሚ ኣምላኽና ኣብ ሕይወትና ከም ዘይዓዪ ገይርና ንቐጽሮ? ንሕና ሥጋውያን ጥራይ ኣይኮናን። ንዘለዓለም እትነብር ነፍሲውን ኣላትና። ብመንፈስና ምስ ኣምላኽ ክንዋሳእ ንኽእል ኢና። ሕጂ ኣነ፡ ንስኻ/ኺ ንኣምላኽ ክንጽውዖን ንሱ ድማ ክምልሰልናን ይኽእል እዩ። ስለምንታይ ድኣ ንርሕቆ ኣሎና? እቲ ገነት ዝፈጠረ ኣምላኽሲ ንሕና ብልዕን መስተን ከም ዘድልየና ይጠፍኦዶ? ክንሕጐስ ከም እንደሊ ኸ ይጠፍኦዶ? እቲ ጸገም፡ ንዘየሓጕሰና ከም ዘሓጕሰና ገይርና ስለ እንሓስብ ጥራይ እዩ። ኣምላኽ ግና እቲ ዘድልየና ይፈልጦ እዩ። ናባኡ ከኣ ባዕሉ ይመርሓና። ንስዓቦ። “ኦ እግዚኣብሔር ኣቦ! ናትካ ክኸውን እደሊ እሎኹ። ንስኻ ምርሓኒ። ካባኻ ከይፍለ ሓይልኻ ሃበኒ።” |